TIGRINYA
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ ኣደ-መንበር ቦርድ
Ms. Allyson Gevertz፡ ምክትል ኣደ-መንበር
Mr. Andrew B. Ziffer
Mrs. Whitney McGinniss
Dr. Tiffany Tate-Hogan
Mr. Diijon DaCosta, Sr.
Mr. Awet Eyasu

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪ*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

1 ሚያዝያ 2025

**ዝርከብ ኣካል፥**

Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# 18 ገዳይም ተማሃሮ DCSD፡ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025 ብሉጻት ተማሃሮ ጆርጅያ ብምዃኖም ክብሪ ረኺቦም

(STONE MOUNTAIN, GA) – DeKalb County School District (*DCSD*)፡ 18 ገዳይም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ DCSD፡ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025 ብሉጻት ተማሃሮ ጆርጅያ ኮይኖም ክብሪ ከምዝረኸቡ ብሓበን ይገልጽ። ክፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia Department of Education (*GaDOE*))፡ እዞም ብደረጃ ክፍለ-ሃገር ክብሪ ካብ ዝረኸቡ 145 ተማሃሮ፡ ፍሉያት ተማሃሮ ተባሂሎም ኣፍልጦ ናይ ዝረኸቡ ዝርዝር ኣስማት ሎም መዓልቲ ዘርጊሑ። ከም ኣካል'ዚ ክቡር ኣፍልጦ፡ ነፍስወከፍ ብሉጽ ተማሃራይ ጆርጅያ፡ ንዲፕሎማ ዚኸውን ፍሉይ ማሕተምን መዘከርታ ገመድ መመረቕታን ይውሃብ።

“ተማሃሮና፡ ብደረጃ ክፍለ-ሃገር ደሚቖም ብምርኣይና ብሓቂ ባህ ዜብል እዩ” ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪ DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪቡ። “እዞም 18 መንእሰያት መራሕቲ፡ ዜገርም ኣካዳምያዊ ክእለት፡ ንዝቕመጥሉ ዘለዎም ተወፋይነትን ኣብ መላእ ናይ ካልኣይ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ድማ ኣብነታዊ ባህርያትን ዘርኣዩ እዮም። ኣብ DeKalb County፡ እቶም ዝበለጹ ተማሃሮ እዮም፣ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ድማ ንዝበጽሕዎ ዜገርም ዓወታት ንኽንምስክር ድማ ብሃንቀውታ ንጽበ ኣሎና።”

ፕሮግራም ብሉጻት ተማሃሮ ጆርጅያ (Georgia Scholar program)፡ ነቶም ብኣካዳሚ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡን ንዝቕመጥሉ ኮም ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩን ናይ ካልኣይ ደረጃ ገዳይም ተማሃሮ ብምልላይ ኣፍልጦ ዚህብ እዩ። እዞም ተማሃሮ፡ ጻዕቒ ዘለዎ ከቢድ ኮርስ ወሲዶም ዝወድኡ፣ ኣብ ኩሉ ዓድታት ትምህርቲ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ፣ ኣብ ኩሉ ሕብረ-ትምህርታዊ መደባት ዝተሳተፉ ከምኡውን ካብ ካሪክሉም ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ከም መራሕቲ ኮይኖም ዜገልግሉ እዮም። GaDOE፡ ምስ ናይ ከባቢ ኣውራጃታትን ኣብያተ-ትምህርትን ብምሽራኽ፡ ነቶም ማህደረ-ትምህርቲ ክረኽቡን ኣገልግሎት ክህቡን ዝደልዩ ተማሃሮ ንምጕላሕ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት ከምዚ ፕሮግራም የወሃህድ።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| Chamblee High School | Ryan | Joshi | Dunwoody High School | Raquel | Espinoza Ramirez |
| Chamblee High School | Temple | Lester | Dunwoody High School | Brady | McGee |
| Chamblee High School | Rishan | Muthugomu | Dunwoody High School | Artemis | Misewicz |
| Chamblee High School | Elena | Smith | Dunwoody High School | Mariana | Roque Queiroz |
| Cross Keys High School | Hector | Zilli | Lakeside High School | Cole | Jones |
| DeKalb School of the Arts | Harper | May | Lakeside High School | Anna | Katz |
| DeKalb School of the Arts | Sophia | Ocfemia | Miller Grove High School | Meti | Kejela |
| DeKalb School of the Arts | Lauren | Williams | Miller Grove High School | Swayam | Rathod |
| Dunwoody High School | Clara | Cann | Tucker High School | Reebecca | Larkin |

ምሉእ ዝርዝር ናይ 2025 ፍሉያት ተማሃሮ ጆርጅያ፡ [ኣብዚ](#) ይርከብ። ብዛዕባ ፕሮግራም ፍሉያት ተማሃሮ ጆርጅያ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ [ኣብዚ](#) ርኣዩ።

**XXX**